# ’‘ ሻዕብያ‘ዶ ምተጠልመ ’‘

ሻዕብያ’ዶ ምተጠልመ ዘብልዔ ዘስተ፡
ዝመሃረ ዝዓለመ ዘበለ ታተ፡
ዝኸደነ ዘዕጠቐ ቶኽሲ ጨመተ፡
ዝመርሖ ዝዳህሰሰ ገሊሁ ጸልማተ፡
ዓለም ጎዶሎ ኮይና በርነንተ።

ወያነ፡ ህወሓት፡ ጃንዳ፡ ማለሊት፡ባንዳ፡
ኣስማት ኣብዚሓ ኮንትሮ ባንዳ፡
ፍጥርቲ ምኟና ኪሒዳ፡
ኣምላኽኩም‘የ ኣባይ ስገዱ ስገዳ፡
ብሓሶት ብዙሓት ኣስኪራ ኣዕቢዳ፡
ከይዛዘመት ዝጀመረቶ ኩዳ፡
ድሕሪት ተመሊሳ ደደቢት ዓዳ፡፡

ሻዕብያ’ዶ ይጥለም ጽቡቕ ዝመዓደ፡
ደኺመ ከይበለ ሓንጊሩ ዝኸደ፡
ዝጎደለ እናመልኤ ዕጥቂ ዘርጎደ፡
ብርኪ ህወሓት ዘርዓደ ሽረ ዝጎመደ፡
ሻዕብያ’ዶታ ብማለሊት ምተኻሕደ?

ጃንዳ ዘከሪ ደጀናት ኤርትራ፡
ቦታ ጽንዓት ሰፈር ሰውራ፡
ካብ ጫፍ ደንከል ክሳብ ቃሩራ፡
እምባ ደንደን ክሳብ እምባ ሶይራ፡
ኣብኡ እንዲኺ ዓኹኽኪ ተጸዊዕኪ ሶውራ፡፡
ሕጂ ግን ኣይተረኽበን ሓገዝ ካብ ኤርትራ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር፡